# ሓባራዊ መግለጺ
# ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን

24 ነሓሰ 2008

ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን፡ ነቲ ብመሰረት ስምምዕ መጋቢት 2008 ዝተኻየደ ሓባራዊ ዕዮ ንምግምጋምን፡ ናይ መጻኢ መድረኽ መደባት ንምትላምን ብ23-24 ነሓሰ 2008 ኣብ ፍራንክፈርት: ጀርመን፡ መሪሕነታዊ ኣኼባ ኣካይዶም።

ኣቐዲሙ ዝተኸተመ ውዕል ኣብ መንጎ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ብምንባሩ፡ እዚ ኣኼባ'ዚ ንምምስራት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ውሳኔታቱን ዳህሲሱን ገምጊሙን። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ተኪኡ ክቕጽል ምዃኑ እውን ኣረጋጊጹ። በዚ መሰረት ድማ ክልቲኡ ሰልፍታት ንዝተኻየደ ሓባራዊ ዕዮ ብኹሉ መዳያቱ ገምጊሙን፡ ዝማዕበለ ዝምድናታት ንምህናጽ ዝዓለመ መደባት ዕዮ ሰሪዑን።

ኣኼባ መሪሕነታት፡ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሽነኻት ዝተኻየደ ሓባራዊ ዕዮ ኣብ ምግምጋም፡ ተተሊሙ ዝነበረ መድረኻዊ መደብ ዕዮ ብብቕዓት ከም ዝተማልአ፡ መሰረታት ክልቲኡ ሰልፍታት ድማ ንምዕዋቱ ኣወንታዊ እጃሞም ከም ዝዓመሙ፡ ናብ ዝለዓለ መደረኽ ናይ ሓባራዊ ስራሕ እውን ክስጎር ከም ዝከኣል ኣረጋጊጹ።

ካብ'ዚ ተረድኦ'ዚ ብምብጋስ፡ ዝያዳ ዝሰጠመ ሓባራዊ ዕዮ ንምክያድን፡ ኣብ መደምደምታ ሓደ ሰልፊ ንምስራትን፡ ዝዓለመ ተግባራዊ፡ ምውህሃዳዊ ዕዮታት ሰሪዑ። ካብ ነፍሲ ወከፍ ሰልፊ ብሰለስተ ኣባላት ዝተዋጽኤ፡ ኣቦ መንበራት ክልቲኡ ሰልፍታት ዝመርሕዎ፡ ሽድሽተ ዝኣባላቱ ሓባራዊ ኣወሃሃዲ ኣካል ክቖውም ወሲኑ።

ሓባራዊ ኣወሃሃዲ ኣካል፡ ምሉእ ሓድነት ክልቲኡ ሰልፍታት ዝረጋገጸሉ መስርሕ ምስግጋር ክመርሕ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ናይ ሓባር ኣካላት ኮነ መጽናዕታዊ ሽማግለታት ክቖውም፣ ናይ ስራሕ መምርሕታቶም እውን ክሰርዓሎም ተመዚዙ። እዚ ናይ ምስግጋር መድረኽ ድማ ኣብ ውሽጢ 2009 ንኽሰላሰል መደብ ሰሪዑሉ።

መሪሕነታዊ፡ ኣኼባ፡ ንኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ከም ጽላል ሓይልታት ተቓውሞ መጠን፡ ንምምዕባሉን ምዕዋቱን ዘይሕለል ተራኡ ከም ዝዓምም እናረጋገጸ፡ ምስ መላእ ሓይልታት ደምበ ተቓውሞን ሲቪላዊ ማሕበራቱን፡ ብቐረባ ክሰርሕ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ንኩነታት ስደተኛታት ብዝምልከት፡ ነቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝረኽብዎ ዘለዉ ጸገማት ንምፍታሕ ኣብ ኣህጉራውን ዞባውን ትካላት ምንቅስቓሳቱ ከዕዝዝ ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ብፍላይ ነቶም ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ሊብያ ካብ 18 ነሓሰ 2008 ጀሚሮም ናይ መግቢ ምሕሳም ኣድማ ብምክያድ፡ ንሰብኣዊ መሰሎም ዝቃለሱ ዘለዉ እሱራት፡ ስደተኛታት ብዝምልከት ድማ፡ ኣብ ጎድኖም ጠጠው ብምባል፡ ኣብ ልዕሊኦም ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታት ይኹንን። ኣህጉራዊ ኣቓልቦ ጉዳይ ስደተኛታት ክህሉ ዘየቋርጽ ጸዓታቱ እናቐጸለ፡ እንከሎ ድማ፡ ፍታሕ ጉዳይ ስደኛታት ብመሰረቱ ምስ ምስዓር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝተኣሳሰረ ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ዝተጠርነፈ ቃልሲ ክካይድ ይጽውዕ።

መሪሕነታዊ ኣኼባ፡ ነቲ ፈተውቲ ቃልስና ብሓፈሻ ጐረባብቲ ሃገራት ድማ ብፍላይ፡ ምእንቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝካየድ ቃልሲ ንምሕያል ከበርክትዎ ብዝጸንሑ ሓገዛት ሞገሱ እናመዝገበ፡ ሞራላውን ንዋታውን ደገፋቶም ክቕጽሉን ከዛይዱን ጸዊዑ።

ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ　　　　ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ